

<u>መቕሰን ህዝቡ!</u>

መቕሰን እንዲኻ መዕረፊ ልቢ፡
ንምዝመዛ ትቋወም ትብል እንቢ፡
ምሩቕ ዘርኢ ወዲ ሓላል ህዝቢ፡
መን ኣሎ ካብ ልብኻ ልቡ ዝዓቢ።

ሓላይ ህዝቢ እንዲኻ ክብሪ ሃገር፡
ሓንሳብ ምስ ኣመንካ ዘይትጠራጠር፡
መስተውዓሊ ጅግና ዱልዱል ዓንተር፡
ጸላእትኻስ ኣቢልካዮም ሕርር ኩምትር።

ጅግናኳ ክውሕደካ ኣንታ በዓል ሞያ፡
ርሒቕን ዝነበራ ናባኻ ይጎያ፡
ኤርትራ ኣገዳሲት'ያ ኣብ ሸርክነት ኣቢልካያ፡
ጽቡቕ ኣብነት ናይ ጭቁናት ኣርኢያ።

ጉራሕ ድኣ ከም ቀደምካ ኩን ከይትህመል፡
መርገጽካ ኣየቕሰኖምን በዓል ዓቢ ገበል፡
ሮኬት ክዓልብ እናረኣዩ ኣብ ማእከል ሰንበል፡
ኣብዘይ ወዓልካዮ ዊዒሉ ዝብሉ ከሰክሙኻ በል።

ሰራዊትካ መድሕን ናይቶም ዝተዓቕቡ፡
ዘብልዕ ዘስቲ ከብዶም ኣጽጊቡ፡
ዘልብስ ዘዕጥቕ ሞራል ሂቡ፡
ልውህነት ምክልኻል ሓይልታት ዓለም ኣዛሪቡ።

ንስኻ ትነድቆ መንደቕ ዓሙቕ'ዩ ሰረቱ፡
ንፉስ ዘይንውንዎ ዝጻወር ሓጋይ ክርማቱ፡
ደኺሞም ተሪፎም ዝሓሰቡ ኣፍረስቱ፡
ክፉእካ ዝሓስብ ኣትዩ ኣብ ሜሬት ግብኣቱ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር።
የካቲት 12, 2021